# ልበይ ታሕጓስ ጎሲው

ኣግእዞ ሃገርና ኤርትራ ብዓንደ ርእሳ
ካብ ደቃ ኢዩ ነይሩ ካብ ከርሳ
ሕርያ ጸላእታ ከሎ ጌና ንምርማሳ
ሕርያ ደቃ ግን ኩቡር ዋጋ ከፊሎም ንምፍዋሳ
ኣበር ኣይገደፉን ንክብራ ፈውሲ ጣዕሳ

ባህ ኢልዎ ልበይ ዓጽመ ስጋይ ታሕጓስ ጎሲው
ትርግታ ልበይ ምስ መትንታተይ ተሳንዮም ዝኣክል ኦክሲጂን ናብ ኣካላተይ ጮንጊው
እወ ደስ ኢልዎ ከስዐይ ዓይነ ብርከይ ዘትርር እኸለ ማይ በሊው
እታ ዝትምነያን ዝብህጋን ዝነበርኩ ደሃያ ሰሚዑ
ኣዳራሽ ማይ ቤተይ ብርሃን ተኾሊዑ
ኣዕኑድ ምድሪ ቤተይ ደልዲሉ ጸኒዑ
ሳላ ዝቐበሮ ኣዕሚቑ ኣርጒዲ ደሪዑ
ሎሚ ሎሚ ቦሎኽ በለ ጽሩይ ማይ ኣንቲዑ

ዓሚ ከምዛ እዋን ዝሰማዕክዎ ባህታ
ሎሚ ኣብዛ ክብርቲ መዓልቲ ኣብ ዓመታ
ኣዕኑዳ ተተኺሎም ጸኒያም ኣብ ባይታ
ጆባእ ኢለሙና ናይ ኩላትና ዊንታ

ቀደሙ ንኽሰርሓ ንኽዓያ ኣንጊሁ ዝተላዕለ
ቀደሙ ንድሕነታ ንክብራ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለ
ቀደሙ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ዋሕስ ኮይኑ ዝሰንከለ
ቀደሙ ራኢየይ መትከለይ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ሰውራ ኢዩ'ዶ ከይበለ
ቀደሙ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ንዓኣ ክብል ህረሩማ ኣጻምእ ዝሓደረ ዝወዓለ
ቀደሙ ነቲ ዘይክኣል ዝመስል ይከኣልዩ ኢሉ ሞራል ዝዓደለ
ሎሚ ድኣ, ሎሚ ድኣ, እንታይ ምስተረኽበ ክብል ተውለ
ኣዳራሹ ግምጃ ክሸልም፣ ምድሪ ቤቱ ከለምልም ዘይውዕለ

እንተዘይ ዕገስ ነይሩ እንተዘይጽመም ሸጥ መዓንጥኡ
እንተዝህውትት ነይሩ እንተዝርበሽ ኣእምርኡ
መንገዱ እንተዝስሕት እንተዝጠፍኦ መዕለቢኡ
ገዛእ ነብሱ ፈትዩ እንተዝረግጽ ኣስካርባ እንተዝኽደን ባድልኡ

ዝዘርኦ ዘራእቲ ዝዓጸዶ ንዳእቲ እንተዘይእክብ ብኣግኡ
መን ምነበረ ህይወቱ ዝብጀወላ እዛ ሃገር ብዘይክኡ

ባዕሉ'ምበር መን ከጸብቖሉ ድኣ መን ክዛዝመሉ
ዝተለሞ ትልሚ ዝተመርጸ ዘርኢ መን ክዘርኣሉ
ክራማት ካብ ጸበቒ ቡቋልያ ለምሊሙ ምድረ ሰማይ ካብ ደስኪሉ
ዝተዘርአ ዘራኣቲ ጉልሒንጣ ከይህልዎ  ኣብ ማኣከሉ
ከሎ ጌና ይመንቆሱ ይመሓዉ ዳሕራይ ከይሕንኩሉ

እትሓኽሮ እምባ እትረግጾ ባይታ ቀደም ነጊርካዮም
ዝሓፈስካዮ ምህርቲ ተሃዊኽካ ከምዘይተፍስሶ ቀደም ሓቢርካዮም
እዋኑ ምስበጽሐ እቲ ዘይቦክር ዕማም ከምዝዕመም ቀደም ኣውኪእካሎም
ብዙሓት ሁንጡያት ግን ተሃዊኾም ቀርኒ ላም ነኺሶም
ኣይንውዓሎ ውዕለቶም ናብ ዘየርብሖም ናብ ሕሰም መርሾም

በል እምንቶና ኣባኻ'ዩ ጸር ሸከምና ንዓኻ ሂብናካ
ቀደሙ እንታይ ተረፈኒ ኣይትበል'ዩ ትኣምኖ ልኢኽካ
ሮያኡ ጠቐሊሉ ኢዩ ዝመጽእ ከጸብኞ ውራይካ
ዝተዋህቦ ዕማም ይዓምም ባህ ምእንቲ ክብለካ
ነቲ ዝተረፈ  ከተስዕቦ ወድኖ ጉኦዞ መንገድኻ
ኣቃላጥፎ እቲ ዘይቦኽረ ዕማም ክቐስን ህዝብኻ
ግምጃ ክትስልማ ክብርቲ ሃገርካ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ
ሰማእታትና ወትሩ ይዘከሩ
ዘካርያስ ሰ. ወልዱ